# ቶጎሩባ

‘’ወርሒ መጋቢት ሱሳን አርባዕተን’’

ቶጎሩባ ዓባይ ሓበን’’

ብሓቂ ቶጎሩባ ሓበና

መነሃሪት ቃልሲ ፈለማ ዓወትና

ፊት ንፊት ገጢምካ

ካብ አጥቂዕካ ምምላስ ሓሊፍካ

ብድሎ ከይተዕሎ

ዘእቶኻሉ ሰለሎ

ነማኢታት ጦርሰራዊት

መሰነይታኦም ሞርታራት

ረሳ አብ ለዕሊ ረሳ ፈቀዶ ሩባታት

ንጸላኢ ሕስረት ንህዝብና ብስራት

አንታ ሰራሕ ቓያ ባዓንተቦ

ንህዝበይ ይጣዓሞ ኢሉ ዝተላቦ

ሕሞሮቱ ዘይሃሥስ ባዓል ሓቦ

አደታት ዘይተቆጣዓ

መስዋእትነትካ እናሰማዓ

ብሰም ናትካ ተወሌዑ ሽማዓ

ግን ብሽም ነጻነት ተታሊለን

ዓንቀር ምላሽ ዓሊለን

አቦታት ውን ተጻህሊሎም

ሓቂ መሲሉዎም ደብሎም

ሳዕሳዒት ጉዋይላ

ኮቦሮ ተሓንጊጥካ ዝላ

ዳርጋ ዕብዳን ምድርባይ ነጸላ

ሕድሪ ስዉኣት ተጠሊሙ

ኣብ ዓሚቅ ተቀቢሩ ሰጢ ሙ

ዓገብ ዝብል የሎን ሃጢሙ

ኣውያት እናሰመዐ ጸሚሙ

ድሕሪ ቶጎሩባ ተኻይዱ ውጋኣት

ክንደይ ብቃጻ ከምኡውን ህጁማት

ካብ ዕርድታት ሓሊፉ ከተማታት

ተሓፊሱ እዚ ዘይብሃል ዓወታት

ውጋኣት ተሰነይ ባረንቱ

ዓቅሎም ኣጽቢቦሙሎም ንምሸቱ

መዑታት ተጋደልቲ ዓበይቲ ናእሽቱ

ውገእ ካዕላይ ከተማ ኣቁርደት

ኣብጎቦ ወለድ ተባርቅ ሰውራ ምሳዓረደት

ሓይሊ ጸላኢ ልባ ጠፋኣ ተዓነደት

መቀጸልታ ቶጎሩባ ውገእ ዒላበረዕድ

ፍናን ተጋዳላይ ሓይሊ ጸላኢ ክረዕድ

መሊቆም ጠፍኡ አትዩዎም ዕብድብድ

አብ ዕዉት ኩናት ማይ ዳማ ማይ ምነ

ንሰራዊት ደርጊ ሓመደ ጥንጥነ

አብ ውገእ ዓዲኻላ መንደፈራ

ዓወት ንህዝብና ንጸላኢ ክሳራ

ዉገእ ዳዕሮ ተኽሊ ውጋአት መረብ

ዉፉይ ተጋዳላይ ጸረ ጸላኢ ክረባረብ

ታንክታት ክማርኽ ብረታት ክሰልብ

እዚታት ከጻፍፍ ወጊሓ ታዓርብ

ጽንኩር ናብራ ህዝቢ

ክረክብ መዕለቢ

መስራቲት ቶጎሩባ ድምጺ ሃቢ

ነጻነት ሂብክና መጎልበቢ

ራህዋን ሓርነትን አሰዕቢ

ህዝብና ከያቱ አብናዕቢ

ካብ ጆርጆ ሃብተ

ሳንሆዘ ካሊፎርንያ